Oslo

**ምስጢር ምሕላው**

እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪ፡ ምስጢር ናይ ምሕላው ግዴታ ኣለዎ። እዚ ማለት እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ኣብቲ ዕላልኩም እንታይ ከም እተዛረብካ ንዝኾነ ሰብ ክነግሮ ኣይክእልን እዩ።

**ተርጓማይ**

ኣብ ናይ ኦስሎ ቤት ጽሕፈት ሞያዊ ምኽሪ፡ ብናይ ሞያ ምኽሪ ክትርጉሙ ብቑዓት ዝኾኑ ተርጎምቲ ንጥቀም ኢና።

**ናይ ሞያ ኣማኻሪ መዘኻኸሪ**

እቲ ናይ ሞያ ምኽሪ ምስ ተዛዘመ፡ እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ብዛዕባ ድሌትካን ኣብ ኖርወይ ዘሎካ ናይ ትምህርትን ስራሕን ዕድላትን ዝምልከት ኣብ ምይይጥኩም እተዛራረብኩምሉ ሓሳባት መዘኻኸሪ ክጽሕፍ እዩ። እቲ ኣብ NAV ዘሎ ምሳኻ ርክብ ዝገብር ሰብ ከኣ ነዚ መዘኻኸሪ ከንብቦ እዩ። ብድሕሪኡ NAV ብዛዕባ ድሌታትካን መደባትካን ኣገዳሲ ሓበሬታ ይረክብ፣ እዚ ድማ ነቲ ዝዳሎ ናይ መላለዪ መደብ ኣገዳሲ እዩ።

**መደብ ውህደት**

ንስኻን NAVን እቲ ኣብ ማእከል ኣገልግሎት ዝሰርሕ ናይ ኖርወጅያኛ ኣማኻርን ድሕሪ እቲ ናይ ሞያ ምኽሪ ኣኼባ ኣብ ቤት ጽሕፈት ተራኺብኩም፡ ናይ መጀመርታኻ መደብ ውህደት ክትጽሕፉ ኢኹም።

Oslo


# Velkommen!

**Adresse:**
Karoline Kristiansens vei 8
0661 Oslo

**Telefon:**
23470000

**Epost:**
karriereveiledning.intro.felles
@osloskolen.no

**Post:**
Oslo Kommune,
Utdanningsetaten,
Oslo Voksenopplæring
Servicesenter,
Postboks 6127 Etterstad
0602 Oslo



Oslo

# ናይ መጀመርታ ሞያዊ

# ናይ መጀመርታ ሞያዊ

ሞያዊ ምኽሪ (ምኽሪ ብዛዕባ ሞያ) ብዛዕባ ትምህርትን ስራሕን ጽቡቕ ምርጫታት ኣብ ምግባር ይሕግዘካን ዝያዳ ርእሰ ተኣማንነት ክህልወካ የኽእለካን እዩ። ሞያዊ ምኽሪ ኣብ ኦስሎ፡ ምስ ሓደ ሞያዊ ኣማኻሪ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ፣ ንሱ ድማ ብዛዕባ ክእለትካን ድሌትካን ከዘራርበካ እዩ። እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ብዛዕባ ኣቐዲምካ ኣብ ህይወትካ ዝገበርካዮ፡ ከምኡውን ነቲ ተመክሮኻ ኣብ ኖርወይ ብኸመይ ክትጥቀመሉ ኽም እትኽእል ከዘራርበካ



**ምስትንታን**
ኣብ ናይ ኦስሎ ቤት ጽሕፈት ሞያዊ ምኽሪ፡ ምስ ሓደ ናይ ሞያ ኣማኻሪ ክትራኸብ ኢኻ፡ ንሱ ድማ ብዛዕባ እቲ ቕድሚ ሕጂ ዝነበረካ ሞያ፡ ብዛዕባ ድሌታትካ፡ ብዛዕባ መን ምዃንካ ከምኡውን ምስ ስራሕን ትምህርትን ብዝተሓሓዝ ኣብ ኖርወይ እንታይ ክትገብር ከም እትደሊ ከዛርበካ እዩ።

**ድሕረ ባይታኻ**
ነቲ ኣብ ኖርወይ ዝህልወካ ሓድሽ ህይወት ኣዝዩ ዝጠቕመካ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዙሕ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘሎካ ኹይኑ ይስምዓና።
ስለዚ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገርካ ከለኻ ዝነበረካ ህይወት ክትንግረና ተስፋ ንገብር።

**ውሳነ ናትካ እዩ**
ንስኻን እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪን ኣብቲ እትገብርዎ ናይ ሞያ ምኽሪ ዝርርብ ዝያዳ ብዛዕባ እንታይ ከም እትዘረቡ ክትሰማምዑ ኢኹም።
ብዛዕባ መጻኢኻ ምርጫታት እትገብር ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ከምኡውን እቲ ናይ ሞያ ኣማኻሪ እንታይ ክትገብር ወይ ክትመርጽ ከም ዘሎካ ኣይውስንን እዩ፣ ብሓንሳብ ኴንኩም ግን ብዛዕባ እቲ ዘሎካ እተፈላለየ ዕድላት ክትመያየጡ ኢኹም።

ኣብ ኦስሎ ኣብ መጀመርታ፡ ኣብ ናይ ኦስሎ ማእከል ኣገልግሎት ትምህርቲ ንዓበይቲ እተፈላለየ ኣኼባታት ከተካይድ ኢኻ፦

ናይ መጽናዕቲ ኣኼባ

ሞያዊ ምኽሪ

ኣኼባ ብዛዕባ መደብ ውህደት

እዚ ኣኼባታት እዚ ንሓድሕዱ እተኣሳሰረ እዩ፣ ኣብ ኩሉ ኣኼባታት ክትሳተፍ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

